# ከመይ ጌርና መጻዕደዊ/ብሊች መሕጸቢ ኣካላት ንጥቀም

**ብሊች መሕጸቢ ኣካላት ቁጽሪ ባክተርያ ኣብ ቆርበት ክቕንሱ ይሕግዝ፣ እቲ መበላይ/ኤክዚማ ከይረክስ/ከይቆስል መታን። ብሊች መሕጸቢ ኣካላት ኣብ ህጻናትን ዓበይትን ንዝፍጠር ኤክዚማ ንምሕላው ክውዕል ይኽእል::**

**ንዓኹም ዘድልየኹም:**

- ናይ ሰብነት መሕጸቢ ባኞ ወይኻዓ ናይ ህጻን መሕጸቢ
- ቁሩብ ሙውቕ ዝበለ ማይ
- 10 ሊትሮ ናይ ገዛ ሽንኬሎ
- ሽታ ዘይብሉ ናይ ገዛ White King ንመጻዕደዊ/ብሊች – 12 ሚሊ ሊትር ኣብ 1 ሊትሮ ማይ
- መሕጸብ ሰብነት ዘይቲ – ካብ 1 ክሳዕ 2 ሙሉእ ኩባያ ኣብ ነብሲ ወከፍ ምሕጻብ ሰብነት ከምኡ ንምግባር እንተተሓቢሩ
- ናይ መሕንበሲ ማይ ወይኻዓ ናይ መግቢ ጨው – 1/3 ኩባያ ኣብ 10 ሊትሮ ማይ ከምኡ ንምግባር እንተተሓቢሩ



1. ቅድሚ ምጅማርኩም ን ኣእዳውኩም ተሓጺብኩም ኣንቅጽዎ።




2. ናይ 10 ሊትሮ ባልዲ ብምጥቃም ነቲ መሕጸቢ ባኞ ክሳብ'ቲ ዝድለ ዓቐን ምምላእ ክንደይ ዝኸውን ማይ ከምተወሰኸሉ ምዕቃን መታን ክትኽእል።

**ፍሉይ ምኽሪ**
እቲ ዓቐን ማይ ብቐዋሚ ምልክት ቀለም ወይ ብጽኑዕ ዝጡብቕ ቴፕ ጌርኩም ምልክት ክትገብረሉ ትኽእሉ፣ ሓንሳብ ጥራይ ክትዕቅንዎ መታን ከድልየኩም




3. 12 ሚሊ ሊትሮ መጻዕደዊ በብሕድሕድ 10 ሊትሮ ባልዲ ማይ ውሽጢ ምውሳኽን ናብ ባኞ መሕጸቢ ምፍሳስ (ንፍርቒ ዝመልአ መሕጸቢ ባኞ 1/4 ኩባያ መጻዕደዊ ምውሳኽ)። እንተተሓቢሩ ጨውን ናይ ምሕጸቢ ዘይቲን ወስኹሉ።




ንነፍሲ ወከፍ 10 ሊትሮ ባልዲ ማይ ናብ'ቲ መሕጸቢ ኣካላት ዝመልአ 1/3 ኩባያ ጨው ወስኹሉ




1-2 ሙሉእ ኩባያ መሕጸቢ ዘይቲ ወስኹሉ፣



4. ንውላድኻ በቲ ባኞ ውሽጢ ኣብ ትሓጽበሉ ግዘ ንናይ ውላድካ ገጽን ርዕሲ ከምርሓሰ ምርግጋፅ፤ ናብ ውላድኻ ዓይኒታት ማይ ከይኣትው ጥንቃቐ ክትገብር ኣለካ።



5. ውላድኻ መበላይ/ኤክዘማ ከምኡ'ውን ናይ ቆርበት ምንቓጽ እንተሃልይዎ ነዞም ቦታታት ቐስ ኣቢልካ ብምጽራይ ንናይ ቆርበት ምንቓጽ ንክጠፍእ ፈትን።



6. ውላድኻ ምስ ጸረየ ካብቲ ብሊች መሕጸቢ ባኞ ኣውጽኣዮም – ውላድኻ ድሕሪ ሰብነት ምሕጻብ ብማይ ጌርካ ዘይምልቕላቕ። ንውላድኻ ንክነቕጽ ቐስ ኣቢልካ በሽጎማኖ ደሪዝካ ኣንቅጾ።




7. ብናትኻ ሓኪም ወይ ነርስ ሰበሞያ ብዝተውሃበ መምርሒ መሰረት ቶፒካል ስተሮይድ መድሃኒት ን ናይ ቆርበት መለስለሲ ቅብዓትን ግበርሉ።

---

ንመግቢ ዘይምስምማዕ/ኣለርጂ መከላኸሊ ፕሮጀክት ዝተመስረተ ብ
ascia australasian society of clinical immunology and allergy
national allergy council
Allergy & Anaphylaxis Australia

እዚ ፕሮጀክቲ ሓገዝ ገንዘብ ካብ ኣውስትራሊያ መንግሥቲ ሓለዋ ጥዕና መምርሒ ተቐቢሉ።

ብኩርዓት ዝተደገፈ ብ
Perth Children's Hospital Foundation